الحركة الشعبية الإرترية

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

Eritrean People's Movement

## ህዝብና ካብ መቑሕ ህግደፍ ንምግልጋል
## ጸጸ-ጸርና ንደርቢ!

ህዝቢ ወናንን ተጠቃምን ሃገሩ ባዕሉ ስለ ዝኾነ፣ ንስርዓት ህ-ግ-ደ-ፍ ንምውጋድ እጃሙ ከየበርከተ፣ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ጥራሕ እንተ ኣወንዚፍዎ፣ ርትዓዊ ጭብጢ ኣይከውንን። ስርዓት ህ-ግ-ደ-ፍ ዓለም ለኻዊ ርክባቱን ውሽጣዊ ምምሕዳራቱን፣ ብምምዛን ናይ ፈጋዕጋዕ ምልክት የርኢ ስለ'ዘሎ፣ እዩ ድማ ብጻይ ኣድሓኖም ገ/ማርያም፣ ኣባል ላዕልዋይ መሪሕነት ኤሪትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ሃገፍ ንኽይፍጠር፣ ብዕለት 17 ሕዳር 2007፣ ነዚ ዝስዕብ ጸዋዒት ዝተመርኮሰ ርእይቶ ዘቕረበ። እዚ ርእይቶ'ዚ፡ እብ ገጽ 40/41 ታሽዓይ ክፋል ወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ወፍሪ ባርነት፡ ብዝብል ሰፊሩ ይርከብ፡ መልእኽቱ እዋናውን ሃናጽን ስለ ዝኾነ ነጺልና ብምቕራብ፡ ጸጸ-ጸርና ክንድርቢ ቅሩባት ንኹን። (ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካናዳን ሰሜን ኣመሪካን)

## ደምበ ተቓውሞ ኣብ ሓደ ጽላል ንኽጥርነፍ!

ህ-ግ-ደ-ፍ፣ ሞይቱ ክነሱ ቀባሪ ስኢኑ፣ ፖለቲካዊ ሰረቱ ተሸምሪሩ፣ ምምሕዳር ሃገር ኣብ ዉሑዳት ብልሽዋት ጀነራላት ወዲቑ፣ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ራዕድን ሽበራን ይነብር ኣሎ። ካብ ምምሕዳር ህግደፍ፣ ምምሕዳር ናይ ሓደ ሽፍታ በረኻ ከም ዝሓይሽ፣ ብዙሓት ለባማት ዝዛረብዎ'ዩ። ህግደፍ፣ ቍጠባዊ ሰረቱ ነሂሉ፣ ኣብ ከተማታት ኤርትራ እታ ሓንቲ ባኒ ብመቑነን ዝሸጣ ዝነበረ'ውን፣ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2007 ኣትሪፉዋ። ህግደፍ፣ ምስ ጎረባብቱ ጥራይ ዘይኮነ፣ ምስ መላእ ምዕራብ ዓለም'ውን ተባኢሱ'ዩ። በተማሳሳሊ፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ፍንፊንዎ'ዩ። ስለ'ዚ ቀባሪ የድልዮ ኣሎ።

ህግደፍ፣ ዝነብር ዘሎ፣ ብሕመቕ ናይ ተቓውሞ ደምበ ጥራሕ'ዩ። ኤርትራዊ ዲሞክራስኣዊ ኪዳን፣ ኣብ ለካቲት 2007 ኣብ ክልተ ምግምዑ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ሕቖኡ ጎዚዝዎ'ዩ። ብሕመቕ ደቂ ድማ ሓዚኑ። ህዝብና ክሓዝን ግድነት'ዩ። ምኽንያቱ፣ ካብ ህግደፍ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክገላገል ይደሊ ስለ ዘሎ። ክገላገል ዝኽእል ድማ፣ ኩላትና ኣንጻር ህግደፍ ጸጸ-ጸርና ምስ እንድርቢ ጥራይ ምኻኑ፣ ካብ ናይ ቃልሲ ተሞኵርኡ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጠ'ዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ክልተ'ኳ ይገማዕ፣ ሕጂ ልዝብ ምጅማሩ ንኹሉ ደላይ ጽቡቕ ህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ'ዩ። ኣነ'ውን ነቲ ዝግበር ዘሎ ኣኼባታት ብምሉእ ሕልና ስለ ዝድግፎ፣ ካብ'ቲ ሒዘዮ ዘለኹ ቴማ ውጽእ ኢለ፣ ኣብ'ዚ ሒዘዮ ዘሎኹ ጽሑፍ ሰናይ ትምኒተይ ክገልጽን፣ ንእሽቶይ ርእይቶይ ከካፍልን መሪጸ።

እዚ ዝስዕብ ሓጺር ርእይቶ፤-

1. ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ጉባኤ ክግበር፤
2. ጉባኤ ዝዕድም ኣካል ካብ ፖለቲካዊ ውድባት ወጻኢ ክቐውም ኣሎዎ ዝብል ርእይቶ'ኳ ይሃሉ፤ ነቲ ጉባኤ ዝዕድም ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ዘሎ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክኸውን፤
3. ብዝሒ አሳናዳኢት ሽማግለ 9 ኮይኑ፤ እንተ ተሰማሚዖም ብምርጫ ካብ መንጎም ትወጽእ። እንተ ዘይኮነ፤ ጉጅለ ሽውዓተ 5 ኣባላት ትምዝዝ። ጉጅለ 3 ድማ 4 ኣባላት ትመዝዝ፤
4. ኣሳናዳኢት ሽማግለ ኣብ ኪዳን ዘይነበሩ ፖለቲካዊ ውድባት ሓደ ወርሒ ቅድሚ ጉባኤ ዕድመ ትልእኽ፤
5. ጉባኤ አብ ፍርቂ ወርሒ መጋቢት 2008 ክጅመር፤
6. ጉባኤ ወይ ነቲ ህሉው ቻርተር የጽድቕ ወይ ብሓድሽ ቻርተር ይወጽእ፤
7. ጉባኤ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ይመርጽ፤
8. ፈጻሚ ኣካል አብ ዝተመረጸሉ ሰሙን፤ ድሕሪ 4 ወርሒ፤ ስቪላዊ ማሕበራትን ናይ ዜና ትካላትን ዝሳተፈዎ ጉባኤ እተዳሉ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ይመዝዝ። እዚ ጉባኤ'ዚ፤ ኣብ መጀመርያ ሰሙን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2008 ይጅምር፤
9. ሰፊሕ ጉባኤ አብ ሱዳን ወይ ኣብ ኢትዮጵያ ይግበር፤
10. እዚ ሰፊሕ ጉባኤ፤ ህግደፍ ዝውገደሉ አገባብ ድሕሪኡ ናይ ስልጣን ባዶሽ ከይፍጠር ስትራተጂ ይሕንጸጽ።

እዞም ጥቕሉላት ርእይቶታት ከዳቐቑን ከዝርዝሩን ይከኣል'ዩ።

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ላዕለዋይ መሪሕነት
ኣድሓኖም ገብረማርያም

ዓወት ወይ ሞት
17 ሕዳር 2007